# መበል 35 ዓመት በዓል ናጽነትን ሓርነትን
# ዮሃና ነዚ ጽኑዕ ህዝብን ተባዕ ተጋዳላይን



***መሓምድኑር ያሕያ***

*ሓሳናዳእ ጋዘጣ ኣሪትረእ ኣልሓዲሳ*

ሎሚ መበል 35 ዓመት በዓል ናጽነትን ሓርነትን “ጽንዓትና ዋሕስና” ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ይኽበር ኣሎ። ኣብዚ መብዛሕትኡ ዝተሓላለኸ ቁርቁስን ቅልውላውን ግጥምን ህልኽን ዝሰፈኖ ዞባ ኮይና ሉኣላውነትናን ዶባትናን ኣውሒስና ኣሎና። ነዚ ኸኣ ብሓያል ጽንዓትና ዘረጋገጽናዮ እዩ። እቲ ዘጋጠመ ውዲታት ዕብየቱን ሓደገኛነቱን ብዘየገድስ ህዝብና ናጽነታዊ መሰሉ ከም ዘረጋግጽ ግን ብፍጹም ተጠራጢሩ ኣይፈልጥን እዩ። ነዚ ውዲታት'ዚ ንምምካት ከኣ ክቡር ዋጋ ከፊሉ።

ሎሚ ሓይሊ ንዘረጋገጽካዮ ዓወት ክሳብ ክንደይ ትዕቅቦ'ዩ ዝልካዕ። ዝኾነ ይኹን ወገን ሰፊሕ ቦታታት ክሕዝ ይኽእል እዩ። እንተኾነ ግን ክዕቅቦ ስለዘይክእል ነቲ ዘረጋገጾ ዓወት ብቕልጡፍ'ዩ ዝኸስሮ። ህዝብና ብመሪሕነት ሰውራኡ ዘካየዶ ህዝባዊ ሓርነታዊ ኲናት ወተሃደራዊ ውግኣት ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ምስ ምዕባለታት ሜዳ ዝኸይድ ፖለቲካዊ መስርሕ'ውን ዝተኣሳሰር እዩ። ከምኡውን ብህዝባዊ ሓገዝ ዝተደገፈ፡ እናተሓደሰ ዝኸይድ፡ መንእሰያት ካብ ክልቲኡ ጾታታት ብቀጻሊ ዝሳተፍዎ፡ ክሳብ ምሉእ ዓወት ሓርነታዊ ኲናት ንምቅጻል ዘውሕስ ሎጂስቲካዊ ሓገዝ ዘይፍለዮ እዩ።
ከምቲ ብዓመጽቲ ሓይልታት ዝሕገዝ መግዛእታዊ ስርዓት ኢትዮጵያ ዝኽተሎ ኣብ ግፍዓዊ ሓይሊ ጥራሕ ምምርኳስ ዓወት ዘምጽእ ኣይኮነን። ኩሎም ኣራዊት ናይ መሬት ገበነኛታት ደቂሰብ እንተ ተኣከቡ'ውን ፋይዳ የብሎምን።
ህዝባዊ ተቓውሞን ሰውራ ኤርትራን ምስ ነፍሲ ወከፍ መድረኽ ተሳንዩ ዝኸይድ ኣገባብ'ዩ ተኸቲሉ። ካብ ሕሉፍ ተመኩሮ ተማሂሩ እዩ። እዚ ድማ በቲ ህዝባዊ

ተቓውሞ ዝተኸተሎ ጥበብን ኣብ ሜዳ ዝፈጸሞ ሃንደበትነትን ቅድሚ ፈተውቲ ጸላእቲ ዝምስክርዎ ሓቂ እዩ።

መግዝእታዊ ጸላኢ ኢትዮጵያ "ነቲ መሬት ኤርትራ እምበር ህዝባ ኣየድልየንን'ዩ ዝብል ፖሊስኡ ንምፍጻም "ናይ ዝባደመ መሬት ፖሊሲ ብምኽታል ኣብ ኤርትራ ኣብ ልዕሊ ሰብን ንብረትን እንስሳታትን ህንጻታትን ዘሰካሕክሕ ዕንወትን ህልቂትን" ፈጺሙ እዩ።
ጽንዓትና ኣብ ቅድሚ ኩሉ ፈተነታት ጸላእቲ ዘይክማህ እዩ። እቲ ብመሪር ተመኩሮ ዝተመልመለ ሰውራ ኸኣ ዘይስዓር ህዝባዊ ድሌት ዝመርሕ እዩ። መሬት ኤርትራ'ውን እንተኾነ ከም ተራ ስንጭሮን ታባታትን ጎቦታትን ጥራሕ ዝግለጽ ዘይኮነስ፡ ናይ ዘይዕጸፍ ጽንዓት ምልክት'ውን እዩ። ጽባቐናን ቁመናናን እውን እንተኾነ ንናይ ጸላእቲ ሕሳባት ምስ ኩሉ ናይ ልዕልነትን ሓይሊን ትምክሕቱ ዘምከነ ተሪር ተቓውሞ እዩ።
ዓቕሚ ህዝቢ ኤርትራ ካብ ትሕቲ ሓሙኽሽቲ ክትንስእ ዝኽእል ዘገርም ሓይሊ እዩ። ናይ ምንባር ድሌት ዕጥቂ ምዃኑ ኤርትራዊ ዜጋ ኣረጋጊጽዎ እዩ። እቲ ኣብ ዓሚቑ ታሪኽ ዝፈለሰ ሱር ድማ ናይ ጸላእቲ ህቦቡላን ግፍዒታትን ዝምሕዎ ኣይኮነን።

ጸላእቲ ሕቶ ኤርትራ ንምብርዓን ዘኽእሎም ግዜ ንምኽሳብ ብጉልባብ ዘተ ከደናግሩ እንተ ፈተኑ'ውን ኣይሰለጦምን። ሰውራ ኣብ ሃገራዊ ዕላማታቱ ጸኒዑ፡ ካብቲ ካብ ጽንዓቱ ዝወረሶ ሓይሊ ተበጊሱ ምስ ጸላኢ ዘትዩ።
ኢትዮጵያ ኩሉ ዓቕማ ጸንቂቓ ካብ ኲናት ብሕፍረትን ፍሽለትን ምስ ወጸት፡ እቲ ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ህዝብና ህልቂት ዝፍጽም ዝነበረ ሰራዊት፡ ሕፍንቲ ማይን ኩላሶ እንጀራን ዝልምን ናብ ሃገሩ ብሰላም ዘብጽሖ ውሑስ መገዲ ዘናዲ ውርደተኛ ሓይሊ ኮይኑ። ህዝብና ግን ኩሉ ግዜ ለጋስ፡ ለዋህ፡ ይቕረ ብሃሊ፡ ስለዝኾነ ብመሰረት ሰብኣውን ኣህጉራውን ሕጊ ሰላሞም ኣውሒሱሎም።
ድሕሪ ሓርነት ኤርትራን ህዝቢ ኢትዮጵያ ካብ ዓመጽቱ ሓራ ምስ ወጸን ኣብ ጐረቤት ኢትዮጵያ ስርዓትን ጸጥታን ንምስፋን ኤርትራ ኣድላዪ ሓገዝ ገይራ። እንተኾነ ግን ድሕሪ ውሑድ ዓመታት፡ እቲ ዝሓሎናዮ ስርዓት ንጽቡቕ ብሕማቕ ፈደዩና። ኲናት ብምእዋጅ ከኣ ንሃገርና ወሪሩ። ሉኣላውነት ንምሕላውን ነቲ ዝተረጋገጸ መኸሰባት ንምዕቃብን ከኣ መንእሰያት ኤርትራ ብትብዓት መኪቶም። እቶም ኲናት ንምውላዕ ዝጓየዩ ዝነበሩ መሓዙቱ ፍሽለት ምስ ተሰከሙ ከኣ ናብ ኣህጉራዊ ሕጊ ተጓይዮም። ናብ ፍትሒ ዝተመርኮሰ ኣህጉራዊ ሕጊ ከኣ ውሳነ ኮምሽን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ወሊዱ።

**መድረኽ ኣይሰላም ኣይኲናት ምስ ሓለፈ፡ ናብ ኤርትራዊ ኣካል ስሞም ንምዝራእ ተኸባቢርካ ንምንባርን ሓድሽ መድረኽ ንምጅማርን ድልዋት ኣሎና ክብሉ ጀሚሮም። እንተኾነ ግን እቲ እከይ ሓሳባቶም ስዒሩዎም ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ውዲት ንምፍጻም ናብ'ቲ ናይ ቅድም ተግባራቶም ተመሊሶም። ይኹን'ምበር ህዝቢ ኤርትራ ብኽብሪታቱ ዘይዋገን ብሃገራውነቱ ዝሕበንን ስለዝኾነ ክሰልጦም ኣይከኣለን። ሃገራትን ህዝብታትን ውሽጣዊ ሓድነቶም ዓቂቦም ህልውናኦም ናይ ምውሓስ ክሳብ ክንደይ ዓቕሚ ኣለዎም ኣብ ዓቢ ሓደገኛ እዋን'ዮም ዝፍተኑ። ዝኽርን ሞጎስን ንሰማእታትና!! ክብርን ሓበንን ንሓላዊ ሃገር ጅግና ሓይልታት ምክልኻል!! ዮሃና ነዚ ንኲሉ ፈተናታት ሓይልታት ዓመጽ ዝመከተን ዘበርዓነን ህዝቢ ኤርትራ!! ኣብዛ ሃገረ ሰማእት ጽባሕ እቲ ግድን ብሩህ ዝኸውን'ዩ!!**